


# ማይና፡ ማይ ጎቦታት ሳሕል !

ሕቱም ኣይንሰትን ካብ ድኳን ዝመጸ
መቐረት ዘይብሉ ከሚካል ’ተደርጸ
ሓሬት ኣይንሰትን ዝተረጋገጸ
ጨፈቓ ዝበዝሖ ሕርኽራኽ ዝወጸ
ካብ ምንጪ’ዩ ማይና ካብ ሳሕል ዝመጸ
ካብ ዓዱ መሬቱ ፈልፊሉ ዘንፈጸ
እምኒ ጠሓሒሉ ሑጻ ዝሰረጸ
መቀረት ’ቲ ሕብሩ ካብ ኩሉ ’ተመርጸ
ንጽሬት ጥዕና ኩሉ ዝበለጸ
መታሕት ከበሳ ጣዕሙ ዘቃጸጸ
ሰቲኻ ዘይጽግብ ተፈጥሮ ዘድመጸ

ካብ መሬት ዝነትዐ ማይ ከም ዘይብልና
ከም ኩሕሊ ዝጸሪ ዘይብሉ መዘና
ደልሚና ሓርቢና ክተርፍ ጅርባና
ገንኢና ገንቦና ክድርበ ዕትሮና
ነጋዶ ሰብ ድኳን ክንቅጹ ምንጪና
ጣዕሚ ክንስእነሉ ርውየት ከስእኑና
ቀለም ኳሓሒሎም ኣምሲሎም ሕብርና
በሉና ሸቃጦ ምበለጸ ማይና
ደገ ተዓሺጉ ክሸየጥ ዓድና
ሎሚስ ኣይሓፈሩን ሕቱም ክሸጡልና

ዕቋራት ናይ ሶርያ ናይ ዒራቕ ዶሮና
ሽቐጥ ግብጺ ሊብያ ደሃይ ከምዘይብልና
ማይ ሕቱም ናይ ደገ ቀደም ዘይጠዓምና
ዘመነ ሓምሳታት ዛንታ ከምዘይብልና
ዕሹግ ማይ ወሪዳ ክትሸየጥ ሃገርና
ከሚካል ፍጥረታ ዶፈር ክሎሪና
ቀመማዊ ምህዞ ኣንጻር ጥዕናና
ፍቖዶ ክውሕዝ ክሓምም ቆርበትና
መንሽሮ ክሕዞ ’ቲ ጥዑይ ከብድና
ምስትንፋስ ክንስእን ክፍሕሸው ’ቲ ገጽና

ነጋዶ ሸቃጦ ኣይተዐሸዉና
ሓለይቲ መሲልኩም ክትዘርጉ ምንጪና
ዋሕዚ ዓዲ ዓረብ ማይ ዝናብ ዶሮና
ናይ ምዕራብ ዓለቕቲ ሎሚ ኣየድልየና
ንሻሂ እንጌራ መስርሒ ጸብሒና
ርስሓት መስደዲ ሕጽቦ ኣካላትና
ንዘርኢ መትከሊ መስተይ ግራትና
መስተ እንተበሉኹም ፈልፋሊ ማያትና
ካብ ደግዓ ንቖላ ኩሉ ዝውሕዘልና
ወደር ኣልቦ ጣዕሚ ብተፈጥሮ ዝና
ግንባር ይንበረልና ንሱ’ዩ ’ቲ ማይና
ኣምላኽ ዝባረኾ ንርውየት ሕሊና
ተመስገን ኢልናዮ ኣምላኽ ፈጣሪና !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ካሊፎርንያ፡ 2013